መበል 23 በዓል ናጽነትና ኣብ ከተማ ፖርትላንድ ኦሪጎን ንርህው ጽባሕ ሎሚ ንስራሕ ዝብል ቴማ ብዓቢ ድምቀት ከቢሩ ውዒሉ።

ብመንእሰያት ጉጅለ ሕድሪ ተመሪሑ ብዝኸረ ሰማዕታትን ሃገራዊ መዝሙርን ምስተኸፍተ፡ ኣደመንበር በዓላት ሽማግለ ፖርትላንድ ሓጺር ናይ ብዓል ናጽነትና ቃል ምስ ኣስመዐት፡ ቃል ኤምባሲ ኤርትራ ተነቢቡ።

ብድሕር እዚ ብጉጅለ ሕድሪ መዝሙር ወድብና ጀሚሮም ባህላዊ ትልሂት ድሕሪ ምጽዋት፡ ብድሕሪ እዚ ብወናም ድምጻዊ ረዘነ ገብርኣብ ምስ ሳሚ ገርግሽ ወጋሕ ትብል ለይቲ ጸወታ ቀጺሉ።

ሰንበት ኣብ ፓርክ ባንዴራታት ኤርትራ ተሰሊሙ ህዝቢ ነቲ ፓርክ ኣብ ኤርትራ ቀይርዎ ውዒሉ ብጉጅለ ሕድሪ ባህላዊ ጸወታን ዝተፋላለየ ፕሮግራምን ተካይዱ፡ ካልእ ኣማሓዳሪ ፖርትላንድ 24 ግንቦት በዓል ናጽነት ኮይና ክትውዕል ፈሪሙ።

ዘለኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ